# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እቲ ሃብታምን ሰብኣይን እቲ ድኻ ሰብኣይን

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ M. Maillot; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Sarah S.

ተርጋሚ፦ ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

የሱስ ድማ ብዙሓት ካብቶም መራሕቲ ሃይማኖት ካብ ኣምላክ ንላዕሊ ን ገንዘብ ከም ዘፍቅሩ ፈሊጡ ነበረ፡፡ ንክልተ ሰባት እንታይ ከም ዘጋጠሞምን ገንዘብ ብዘይ እግዚኣብሄር ጥቅሚ ከም ዘይብሉ ነገሮም። ሃብታማት ብ ገንዘቦም ሂወት ምስ ኣምላኽ ኣብ ገነት ክገዝኡ ኣይክእሉን እዮም።



ሓደ ሃብታም ኣዚዩ ጽቡቕን ክቡርን ክዳውንቲ ዝኽደን ሰብኣይ ነበረ። ልክዕ ከም ንጉስ እዩ ዝኽደን ኔሩ።



እቲ ሃብታም ሰብኣይ ኣዚዩ ጥዑም መግቢ ይምገብ ነበረ። ነፍስወከፍ መግቡ ልክዕ ከም ናይ በዓል መግቢ እዩ። ብዙሕ ገንዘብ ስለ ዝነበሮ ድማ ከም ዝደለዮ ቁርሲ፡ ምሳሕ፡ ጠዓሞትን ካልእን ከም ዝደለዮ ይበልዕ ነበረ።



ኣብቲ ኣፍደገ ናይቲ ሃብታም ሰብኣይ ግን ሓደ ድኻ፡ ዝሓመመን ዝጠመየን ለማናይ ነበረ። ስሙ ድማ ኣልኣዛር እዩ።





እቲ ድኻ ኣልኣዛር ብዙሕ ቁስሊ ነበሮ። ሕማም ውን ኔሩዎ ይኸውን። ብዙሓት ሰባት ካብ ዘሕዘኑዎ ዝተላዕለ ብዙሕ ቁስልን ማህረምትን ውን ኔሩዎ እዩ። ጽቡቅ መግቢ ከም ጻባ ኣሕምልቲ ወይ ስጋ ስለ ዝይምገብ ድማ ኣዚዩ ይሓዝን ነበረ።

ኣልኣዛር መግቢ
ኣዚዩ ይናፈቕ
ኔሩ። ተረፍ ናይቲ
ሃብታም ሰብኣይ
ሸሓኒ ተዝረክብ
ውን ኣዚዩ
ምተሓጎሰ ኔሩ።



ገለ ኣኻልብ ውን ናብቲ ዘደንግጽ ለማኒ ይመጹ ኔሮም። ይሽትትዎ ንቁስሉ ውን ይልሕስዎ ኔሮም ። ወላ ሓደ ሰብ ግን ን ኣልኣዛር ዝድንግጸሉ ኣይነበረን።



ሓደ ንግሆ ግን
ኣልኣዛር ካብ ድቃሱ
ኣይተሰአን። እቲ
ኣዚዩ ዘደንግጽ ሰብ
ዘይብሉ ድኻ
ለማናይ ሂወቱ
ሓለፈት። ኣልኣዛር
ሞተ።



ኣልኣዛር ድሕሪ ሞተ ግን ደስታ ኮነሉ።
የሱስ በለ “መልኣኽቲ ተሰኪሞም ናብ
ሕቑፊ ኣብርሃም ወሰድዎ”። ኣልኣዛር ድማ
ብ እግዚኣብሄር ተጸናነዐ።



እቲ ሃብታም ሰብኣይ ዉን  ሞተ። ኩሉ ገንዘቡ ካብ ሞት ከድሕኖ ኣይከኣለን። ሞት እንተመጺኡ ዝኾነ ዝኽልክሎ የለን።



እቲ ሃብታም ሰብኣይ ድማ ተቐበረ። ምናልባት ጽቡቕ ዓቢ መቃብር እዩ ኔሩ ዝኸዉን። ምናልባት ዉን ብዙሓት ሰባት ኣዝዩ ንፍዕ ሰብ እዩ ኔሩ እንዳበሉ ይድንቕዎ ኔሮም ይኾኑ። ናታቶም ምስጋና ግን ከድሕኖ ኣይክእልን እዩ። እቲ ሃብታም ሰብኣይ ናብ ገሃነም እሳት እዩ ኣትዩ።



ኣብቲ ገሃነም እቲ ሃብታም ሰብኣይ ኽበኪ ጀመረ “ኣቦይ ኣብርሃም በጃኻ በዚ ሃልሃልታ እሳቀ ኣለኹ እሞ ምሓረኒ ኣንፈ ኣጻብዑ ኣብ ማይ ጠሚዑ ልሳነይ ከዝሕለለለይ ን ኣልኣዛር ስደደልይ” በሎ።



“ብህይወት ኸለኻ ኩሉ ኔሩካ
ኣልኣዛር ጊን ወላሓንቲ
ኣይነበሮን” ኢሉ ነቲ ሃብታም
ሰብኣይ ኣዘከሮ። “ሕጂ ግና
ኣልኣዛር ይጸናናዕ ኣሎ ንስኻ ግና
ትሳቀ ኣለኻ። ኣብ ሞንጎኻን ኣብ
ሞንጎናን ዘሎ ጋግ ኣዚዩ ዓቢ እዩ
ኪሓልፎ ዝክእል ድማ የለን”።





“ን ኣልኣዛር ነቶም ሓሙሽተ ኣሕዋተይ ክነግረለይ በል ልኣኮ” ኢሉ እቲ ሃብታም ሰብኣይ መሊሱ ለመኖ። “ኣብዚ ሓዊ ከማይ ክሳቐዩ ኣይደልን እየ ድማ በሎ”።



“ኣሕውትካ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ኣለዎም” ኢሉ ድማ ኣብርሃም መለሰሉ። ኣሕዋትካ ንመጽሓፍ ቅዱስ ተዘይኣሚኖሞ፡ ኣልኣዛር ከይድዎም ዉን ኣይካኣምንዎን እዮም።



የሱስ ዛንታ ኣልኣዛርን እቲ ሃብታም ሰብኣይን
ምስ ወድአ እቶም መራሕቲ ሃይማኖት
ንርእሶም ሓቲቶም ይኮኑ እዮም፥ “ካብ
ንእግዚኣብሄር ንላዕሊ ን ሃብቲ ድዩ ዘፍቅር?”
ሽዑ ተረድኦም ንቃል ኣምላኽ ተዘይፈሊጦም
ከጋጥሞም ዝኽእል?



# እቲ ሃብታምን ሰብኣይን እቲ ድኻ ሰብኣይን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ሉቃ 16

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፤130

መፈጸምታ

44

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16